ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራሲያዊ ለውጢ المفوضية الوطنية الإرترية للتغيير الديمقراطي
Eritrean National Commission For Democratic Change

# ፖሎቲካዊ ሽማግለ
# ጋዜጣዊ መግለጺ

እቲ ዝካየድ ዘሎ ፖሎቲካዊ መስርሕ ንምምላእን ሰፊሕ ሃገራዊ ጉባኤ ንምስንዳእን መሰረታዊ ኣርባዕተ ፖሎቲካዊ ሰነዳት ማለት (ፖሎቲካዊ ቻርተር፡ መሪሕ ሓሳብ፡ ሕገ-ህንጻን መሰጋገሪ ቅዋምን) ኣብ መፋርቕ ዝሓለፈ መጋቢት 2011 ዝተሰላሰለ ካልኣይ ኣኼባ ኮምሽን ብድሕሪ ምጽዳቑ ፖሎቲካዊ ሽማግለ እቲ ኣኼባ ዘጽደቖም መኣረምታ ንምክታት ተበገሰ። ብድሕሪኡ ከኣ ጽማቕ ኣፈጻጽማ ሰነዳትን ሰሌዳ ግዜን ብምድላው፡ ናብ ካልኣይ መድረኽ ንምስግጋር ብከምዚ ዝስዕብ ኣነጸረ።

1. ካብ 23/03 ክሳብ 15/04/2011 ኣብ ዘሎ ግዜ ምእራምን ጽማቕ ኣፈጻጽማ ሰነዳት ምድላውን ነበረ።
2. ካብ 16-26/04/2011 ኣብ ዘሎ ግዜ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ንዝርኸቡ ኣባላት ኮምሽን ሰነዳት ምስዳድ'ዩ ነይሩ።
3. ካብ 26/04 ክሳብ ሕጂ ዘለናሉ መድረኽ ተሓጋገዝቲ ሽማግለታት ኮምሽን ሰነዳት ዝመያየጥሉን ንህዝቢ ኤርትራ ንምስራጽን ዝተሰርዐ ግዜ'ዩ ነይሩ።
4. ካብ 01/07-ክሳብ 31 ንሓሰ 2011 ኣብ ዘሎ ግዜ ሰነዳት ዝወርደሉን ርእይቶታት፡ እርማት፡ መወሰኽታን መማረጺ ሓሳባትን ዝቐርበሉ ግዜ'ዩ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ከኣ ፖሎቲካዊ ሽማግለ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ዝርኸብ ህዝብናን ፖሎቲካውያን ባእታታትን ምስ ሽማግለታት ኮምሽን ዘርኣይዎ ምትሕብባርን ምድግጋፍን ናእድኡ እናገለጸ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዓበይቲ ዕላማታቱ ኣብ ሽቶኡ ንምብጻሕ ካብቲ ዝሓለፈ ንላዕሊ ብዕቱብ ክሰርሑን ክደጋገፉን ይጽውዕ።

**ምስ ሰናይ ሰላምታ**

**ዓወት ንመስርሕ ደሞክራስያዊ ለውጢ!!**
**ዓወት ንሃገራዊ ጉባኤ!!**
**ስዕረትን ውድቐትን ንምልካዊ ስርዓት ኤሳይያስ!!**
**ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ስውኣትና!!**

**ዓሊ መሓመድ ስዒድ**
**ኣቦ መንበር ፖሎቲካዊ ሽማግለ**
**ኤርትራዊ ሃገራዊ ኮምሽን ንደሞክራስያዊ ለውጢ**
**27/06/2011**
**www.encdc.com**